## BBC LEARNING ENGLISH
# Essential English Conversation
# Marriage
# ሓዳርምውጻእ

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም፡ እንቋዕ ብድሓን ናብ መደብ Essential English Conversation መጻእኩም። እዚ ንተምሃሮ ቋንቋ እንግሊዘኛ ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነ መደብ'ዩ። ኣነ ተመስገን እበሃል፡ ኣብ ናይ ሎሚ ክፋል፡ ብዛዕባ መዓስ ሓዳር ከምዝመስረትኩም ከመይ ጌርኩም ከምእተዕልሉ ክትመሃሩ ኢኹም።
ሕጂ ንዕላል ክልተ ሰባት፡ ብዛዕባ ዝተመርዓውሉ እዋን ክንሰምዕ ኢና።

**Emily**
*When did you get married?*

**Gary**
*I got married in 2002.*

**Emily**
*What's your wife's name?*

**Gary**
*Her name's Sarah.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እዚ ምይይጥ ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱሉ ክንሕግዘኩም ስለዝኾንና፡ ዝኸብድ እንተመሲሉ ኣይትሻቐሉ። ብመጀመርታ ኤሚሊ ን ጋሪ 'መዓስ ኢኻ ተመርዒኻ?' ኢላ ሓቲታቶ። 'When did you get married?' ነዚ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገሙ።

*When did you get married?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጋሪ 'ኣነ ብ2002 እየ ተመርዕየ' ኢሉ መሊሱ 'I got married in 2002.' መዓስ ከም እተመርዓኹም ንምንጋር 'I got married in…' ኢልኩም ብምጅማር እቲ ዓመተ-ምሕረት ትዉስኹሉ። ዓመተ-ምሕረት ክንነግር ከሎና ንቕድም እቶም ክልተ ቀዳሞት ኣሃዛት ድሓር እቶም ዝተረፉ ክልተ ብምሃብ ኢና ነቕርቦም። ነዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ስምዑ።

*1998*

*2012*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ካብ 2000 ክሳብ 2009 ንዘሎዉ ዓመታት ግን ከይከፋፈልና እቲ ቍጽሪ ብምልኡ ኢና ነቕርቦ። ነዘን ዝስዕባ ኣብነታት ንስማዕ።


© British Broadcasting Corporation 2018

*2004*

*2008*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕጂ ነዚ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገሙ።

*I got married in 2002.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኤሚሊ ን ጋሪ ‘መን’ዩ ስም በዓልቲ-ቤትካ?’ ‘What’s your wife’s name?’ ኢላ ሓቲታቶ. ‘Wife’ ‘በዓልቲ-ቤት’ ማለት’ዩ፣ ንበዓል-ቤት ድማ ‘husband’ ኢልና ንሰምዮ። ሰሚዕኩም ድገሙ።

*What’s your wife’s name?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
‘ስማ ሳራ እዩ’ ብምባል፡ ጋሪ ንኤሚሊ ስም በዓልቲ-ቤቱ ነጊሩዋ። ‘Her name’s Sarah.’ ሰሚዕኩም ድገሙ።

*Her name’s Sarah.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ሕጂ ነቲ ዝበልኩምዎ ምስ ናይ ካልኦት ሰባት ንምንጽጻር ክጥዕመኩም ጽን ኢልኩም ስምዑ።

*When did you get married?*

*I got married in 1980.*

*What’s your wife’s name?*

*Her name’s Maria.*

*When did you get married?*

*I got married in 1995.*

*What’s your husband’s name?*

*His name’s Sam.*

*When did you get married?*

*I got married in 2004.*

*What’s your husband’s name?*

*His name’s Frank.*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕጂ ደጊምና ክንፍትነን ኢና። ነቶም ናይ እንግሊዘኛ ምሉኣት ሓሳባት ሰሚዕኩም ድገምዎም። ነፍስወከፍ ምሉእ-ሓሳባት ሓንሳእ ክትሰምዕዋ ኢኹም።

*When did you get married?*

*I got married in 2002.*

*What's your wife's name?*

*Her name's Sarah.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ዝተማሃርኩምዎ ክሳብ ክንደይ ከም እትዝክሩ ንርአ ሕጂ። ነቶም ሓረጋት ብቋንቋኹም ምስ ሰማዕኩም ናብ እንግሊዘኛ ተርጕምኩም ኣቕርቡዎም።

*መዓስ ኢኻ ተመርዒኻ?*
*When did you get married?*

*ኣነ ብ2002 እየ ተመርዕየ።*
*I got married in 2002.*

*እንታይ'ዩ ስም ብዓልቲ-ቤትካ?*
*What's your wife's name?*

*ስማ ሳራ እዩ።*
*Her name's Sarah.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ! ሕጂ ብዛዕባ መዓስ ከም እተመርዓኹም ምስ ሰባት ከተዕልሉ ትኽእሉ። ንሕቶታት ኤሚሊ መልሲ ብምሃብ ተለማማዱ። ብ2008 ከም እተመርዓኹም፡ ስም በዓልቲ ቤትኩም ከኣ ዝኾነ ስም መሪጽኩም ንገሩ።

*When did you get married?*

*What's your wife's name?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ሕጂ ነቲ ዝነበረ ዕላል ብምልኡ ብምስማዕ ዘቕረብኩምዎም መልስታት ንምክትታል ደጊምኩም ስምዑዎም።

***Emily***
*When did you get married?*

***Gary***
*I got married in 2002.*

***Emily***
*What's your wife's name?*


© British Broadcasting Corporation 2018

***Gary***
*Her name's Sarah.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕጂ'ምበኣር ብዛዕባ መዓስ ከም እትመርዓኹም ምስ ሰባት በዚ ኣገባብ ከተዕልሉ ትኽእሉ። ዝተማሃርኩምዎ ደጋጊምኩም ምልምማድ ኣይትረስዑ።
ኣብ ዝቕጽል መደብ Essential English Conversation ክሳብ ንራኸብ ሰሰናዩ። Bye!


© British Broadcasting Corporation 2018